ናይ ሰራሕተኛታት ካሕሳ መምሪሒ መጽሓፍ

ቤት ምኽሪ ምዕራብ ኒውዮርክ ውሕስነት ስራሕን ጥዕናን

እዚ ሓጋዚ መጽሓፍ ንረብሓ ሓበሬታ ጥራይ እዩ ከምኡ፣ ከኣ ሕጋዊ ምኽሪ ወሃቢ ተገይሩ ክውሰድ የብሉን (ወይ ናይ ጥብቅና- ዓሚልን ዝምድና ምስ *WNYCOSH* ዝፈጥር ኣይኮነን)።

ናይ ሰራሕተኛታት ካሕሳ እንታይ እዩ?

ስርዓት ከሕሳ ሰራሕተኛታት፣ ሰራሕተኛታት ንዝበጽሖም መጉድእቲ ንሕክምናዊ ክንክን፣ ዝተሰኣነ ደሞዝ ወይ ከኣ ንካልእ ኣብ ስራሕ ቦታ ብዝበጽሕ ጉድኣት ንዝመጽእ ሞት ወይ ከኣ ሞያዊ ሕማም ንምክሓስ ዝተመስረተ ስልቲ ካሕሳ እዩ። እቶም ኣስራሕቲ ኣካላት ነቶም ዘስርሕዎም ሰራሕተኛታት ናይ ውሕስነት ካሕሳ ክገዝእሎም ትጽቢት ይግበር። እቲ "ጌጋ" ብሰራሕተኛ ይኹን ብኣስራሒ ኣካል ብዘየገድስ እቲ ናይ ሽፋን ዉሕስነት ዘሎ እዩ።

ናይ ሰራሕተኛታት ውሕስነት ንኹሉ ሰራሕተኛ ቑጻር፣ ግዜያዊ ከምኡውን ሕጋዊ ዘይኮኑ ሰራሕተኛታት እንኮላይ ምስ ስራሕ ቁፀር ብሓንሳብ ዝተተሓሓዙ ጉድኣት ከምኡውን ሕማም ይሽፍን።

ናይ ሰራሕተኛታት ዉሕስና <u>ነቲ ዝስዕብ</u> ኣይሽፍንን

- ገለልተኛ ኮንትራክተር። ንስኻ ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ስራሕ እትሰርሕ እንተድኣኾይንካ፣ ንካልኦት ዓማዊል ከምኡ ተመሳሳሊ ኣገልግሎታት ካብ ምቕራብ ናጻ እንተኾንካ፣ ኣብ ዕዮታት እትሰርሕ ወይ ከኣ ኣብ ግዜያዊ ስራሕ እተመርኮሰ ኮይኑ፣ እዚ ኩሉ ሓላፍነት እቲ ኣብ ስራሕቲ ንግዲ እዩ ከምበዓል ናይ ንግድኻ ወጻኢታት ምኽፋል ዝኣመሰሉ።
    - እንድሕር ድኣ ናይ ስራሕ ሓላፊኻ መዓስ፣ ኣበይ ከምኡውን ከመይ ስራሕኻ ክትሰርሕ ከምዘለኻ ዝነግረካ እንተደኣ ኮይኑ፣ ዋላ ንስኻ ጥቕሚ 1099 እትረክብ እንተኾንካ ከምኡ'ውን እቲ ቑጻሪኻ ናይ ግሊ ኮንትራክተር ኢኻ እንተበለካ፣ ንስኻ ተቑጻሪ ኢኻ።
    - እንድሕር ድኣ ብትኽክል ከምዘይተመደብካ ትሓስብ ተኾይንካ ንሓገዝ ናብ WNYCOSH ብተሌፎን ቍጽሪ (716) 833-5416 ደውል።
- ጉድኣት ሰራሕተኛ ንገዛእ ርእሱ ወይ ከኣ ንካልእ ሰራሕተኛ ንምጉዳእ ዝተወጠነ ሓደጋ እንተኸዉን።
- መጉድእቲታት ብምኽንያት ስኽራን ጥራይ ዝተጎደአ ሰራሕተኛ።

ኣብ ስራሕ እንተድኣ ጉድኣት ኣጋጢሙካ እንታይ ትገብር

ኣብ ናይ ሰራሕተኛታት ውሕስነት ምሕታት ይግባይ ሰለስተ ደረጃታት ኣለዉ:

1. **ጉድኣትካ ነቲ ዘስርሐካ ኣካል ምፍላጥ**
2. **ሕክምናዊ ክንክን ምርካብ**
3. **ናይ ሰራሕተኛ ምሕታት ይግባይ ብምቕራብ**

ደረጃ 1: እቲ ጉድኣት ካብ ዘጋጠመካ ጀሚሩ ኣብ 30 መዓልቲታት ውሽጢ ነቲ ዝቑጸረ ኣካል ብጽሑፍ ምቕራብ።

- እንድሕር ተኻኢሉ፣ ሓደጋ ኣብ ዘጋጠመሉ መዓልቲ ስራሕ ቅድሚ ስራሕ ምግዳፍካ ንቑጻሪ ክተፍልጥ ይግበኣካ።
- ነቲ ናይ ሓደጋ መዝገብ ምምላእ ወይ ከኣ ናብቲ መስርሒ ኣካል ደብዳቤ ጸሓፍ እንተተኻኢሉ ባዕልኻ ደብዳበ ጸሓፍ። እቲ ቑጺሩ ዘስረሓካ ነቲ ናትካ ቑጥዒ መሊኡ ከፈሪመካ ኣይትፍቀድ።
- ነቲ ናይ ሰራሕተኛታት ዉሕስነት ብቑዕ ንሙኻን ነቲ መስርሒ ኣካል ንምፍላጥ 30 መዓልቲታት ኣለካ እዩ።

ደረጃ 2: ሕክምናዊ ክንክን ርኸብ

ንስኻ ሓደጋ ኣብ ዘጋጠመካ ግዜ ብዝተኸኣለ መጠን ቐልጢፍካ ናብ ዶክተር ምኻድ። እሱ ወይ ከኣ ንሳ ስልጣን ዘለዎ ናይ ሰራሕተኛታት ዉሕስነት ቀራቢ ከምምኻኑ መጠን፣ ንስኻ ናይ ገዛእ ርእስኻ ሕክምና ኣቕራቢ ናይ ምሕራይ መሰል ኣለካ እዩ።

ፍቓድ ዘለዎ ኣገልግሎት ወሃቢ ንምርካብ:

- ንሳ ወይ ንሱ ዝተረጋገጸ ወሃቢ እንተኾይኑ ነቲ ናይ ስሩዕ ዶክትርካ ሕተቶ ኢኻ።
- ንሞያዊ ጥዕና ክሊኒክ ርኣይ: www.health.ny.gov/environmentalworkplace/clinic.htm .
- ናይ ምዕራባዊ ኒው ዮርክ ናይ ስራሕ ጥዕና ክሊኒክ ኣብ ECMC (716) 898-5858 ይርከብ።
- ኣብ ናይ ዉሕስና ሰራሕተኛታት መርበብ ሓበሬታ ውሽጢ ሓኪም ብ www.wcb.ny.gov/health-care-provider-search/ ኣልሽ፣ ብመሰረት ቋንቋ፣ ዝርከቡሉ ኣድራሻ፣ ስፔሻሊቲ ምድላይ ትኽእል። እቲ መአለሺ መርበብ ሓበሬታ ብእንግሊዝኛ ጥራይ እዩ ዘሎ።
- ስልጣን ዝተወሃቦ ኣቕራቢ ንምርካብ ብሓገዝ ተሌፎን ቍጽሪ (877) 632-4996 ምድዋል ትኽእል ኢኻ። እቲ ወኪል ኣብ መስመር ኣብ ዝቐረበሉ ግዘ ተረጓሚ ቋንቋ ምሕታት ትኽእል ኢኻ።

ደረጃ 3: ቕጥዒ C -3 ብምጥቃም ናይ ሰራሕተኛታት ይግባይ ምእታው

ንናይ ሰራሕተኛታት ውሕስነት ብቑዕ ንሙኻን፣ ንስኻ ጉድኣት ካብ ዝበጸሐካ ኣብ ክልተ ዓመት ውሽጢ እዚ ቅጥዒ C-3 ግዲን ክትመልእ ኣለካ ወይ ከኣ እቲ ምስ ስራሕ ብሓንሳብ ዝተራኸበ ሕማም ኣብ ዝተገንዘብካሉ።

- ኣብቲ ቑጥዒ C-3 ዝሃቡዎ መልሲታት ናይ ይግበኣኒ ሕቶኻ መሰረት እዮም፣ ስለ'ዚ ብዝተኻእለ ዓቐን ብትኽክል ዝመላእኻዮም ምኺንካ ርግጸኛ ኹን።
- ሓደ ጠበቓ ወይ ከኣ ፍቓድ ዘሎዎ ወኪል እዚ ቑጥዒ C -3 ኣብ ምምላእ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።
- ጉድኣት ክበጽሐካ እንከሎ ትሰርሖ ዝነበርካ ኩሉ ስርሓት ብዝርዝር ምቕማጥካ ርግጸኛ ኹን።

- እቲ ቕጥዒ C-3 ንምምላእ ሓገዝ ንምርካብ ነቲ ጠበቓ ዝተጎድኡ ሰራሕተኛ ብተሌፎን ቁጽሪ (877) 632-4996 ምድዋል ትኽእል ኢኻ። ኣብ ትድውለሉ ግዘ ተርጓሚ ምሕታት ትኽእል ኢኻ)።
- እቲ ቕጥዒ C-3 ንምምላእ ሓገዝ ንምርካብ ናብ WNYCOSH ማእኸል መስመር ሰራሕተኛታት ደውል። ነቲ ቕጥዒ C-3 ንምምላእ ናይ ቋንቋ ሓገዝ ንምርካብ ብ (716) 206-3550 ደውል።

ፋይል ቅጥዒ C-3 ኦንላይን

ብኦንላይን ምእታው ይከኣል
www.wcb.ny.gov/onlineforms/c3/C3Form.html

ቅጥዒ C-3 ብምምላእ ኣእትው

እቲ ቕጥዒ C-3 ብምውራድ ክትመልኦ ትኽእል። ናብ www.wcb.ny.gov/content/main/forms/c3.pdf ኺድ።

ዝኾነ ናይ ሰራሕተኛታት ካሕሳ ቤት-ጽሕፈት ጎብንይ

ናይ ቕጥዒ C-3 ቕዱሕ ጽሕፈት ወረቐት ንምርካብ ኣብ 295 Main St. Suite 400, Buffalo, NY 14203 ይርከብ።

ናይ ሰራሕተኛታት ጥቕላል ረብሓ

- ውሕስነት ሰራሕተኛታት ኣብ ስራሕ ግዜ ንዘጋጠመ ጉድኣት ናይ ሕክምና ሽፋን ይህብ።
- እዚ ዝሽፍኖ ናይ ምስማዕ ትኽእሎ ምስኣን ከምኡውን ብምኽንያት እቲ ትሰርሖ ስራሕ ንዘጋጠመ ሕማም እዩ።
- እንድሕር ድኣ እናሰራሕካ ዝሞትካ ኾይንካ ንቤተሰብካ ዝግባእ ጥቕሚ ንኽወሃብ ይገብር እዩ።
- ክትሰርሕ እንተዘይክኢልካ ወይ ከኣ ማዕረ እቲ ቕድም ክብል ሰሪሕካ ክትኽፈል እንተዘይክኢልካ፣ እዚ ናይ ዓስቢ መተካእታ ክፍሊት ይኽፈል።

ናይ ስራሕ ምስማዕ ትኽእሎ ምጉዳል

እንድሕር ንስኻ ድምጺ ኣብ ዝበዝሖ ናይ ስራሕ ቦታ ትሰርሕ ኮይንካ ከምኡውን ብምስማዕ ምስኣን ትጽገም ሃሊኻ "ናይ ምስማዕ ምስኣን ሽልማት" ናይ ምርካብ መሰል ክህሊወካ ይኽእል እዩ። ኣብ ግምት ክኣትዉ ዘለዎም ክልተ ጉዳያት ኣለዉ:

1. ንስኻ ካብቲ ድምጺ ዝበዝሖ ከባቢ ውሽጢ ምርሓቕ ኣለካ ከምኡውን ብቑዕ ንምዃን እኹል ናይ እዝኒ ምስማዕ ምስኣን ክሃልወካ ኣለዎ። ናይ ምስማዕ ተኽእሎ መርመራ ምግባር የድልየካ እዩ ከምኡውን እዚ ክሳብ እቲ ናይ መወዳእታ ኣብቲ ሞያዊ ቦታ ዝለዓለ ድምጺ ዝሰማዕኻሉ ጀሚሩ ክሳብ 90 መዓልቲታት ዝኣክል ኣይከካየድን እዩ። እዚ መርመራ እቲ ዝተሓተ ናይ እዝኒ ምስማዕ ምስኣን ከምኡዉን ኣብ ስራሕ እናሃለወ ዝተፈጠረ ናይ ምስማዕ ምስኣን ጸገም ምዃኑ ዝገልጽ ጸብጻብ ካብ ዶክተር ከካቲት ኣለዎ። እቲ ናይ ሰራሕተኛታት ውሕስና ቦርድ ብዘይካ እኹል ሰነድ መርትዖ ነቲ ናይ ይግበኣኒ መሕተት ኣየሳልጦን።

2. እቲ ናይ C-3 ቕጥዒ ተጠቒምካ ናይ ምስማዕ ምስኣን ይግበኣኒ ሕቶ ንምቕራብ፣ ካብቲ ናይ መወዳእታ ሞያዊ ናይ ስራሕ ቦታ ዘለቐቕካሉ ጀሚሩ ክሳብ 2 ዓመትን 3 ኣዋርሕን ኣለካ እዩ።

ናይ ስራሕ ሕማም

ሓድ-ሓደ ገዜ ስራሕኻ ክሕምመካ ይኽእል እዩ። እቶም እትሰርሐሎም መሳርሒታት፣ ወይ ከኣ እቲ ትሰርሓሉ ኣከባቢ ሕማማት፣ ጸገማት ጭዋዳታት ኣዕጽምቲ በዓል ተደጋጋሚ ጉድኣት ጭንቀት ከስዕብ ይኽእል። ሓድ-ሓደ ገዜ እዚኣቶም መሰናኽላት ኣብ ነዊሕ ገዜ መስርሕ ጥራይ ይርኣዩ። ከም ካልኦት ጉድኣት ኩሉ ከም ናይ ምሉእ ሕማም ሕክምና ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ፣ ከምኡውን ኣብ ውሽጢ 2 ዓመት እቲ ምስ ስራሕኻ ዝዛመድ ሕማም ዘስተወዓልካሉ ይግበኣኒኻ ክተቕርብ ኣለካ።

ናይ ይግበኣኒ ሕቶኻ ንምቕራብ ቕጥዒ C-3 ተጠቐም።

ናይ ሞት ጥቕሚታት

ሓድ-ሓደ ጊዜ ሰራሕተኛታት ዉሑስ ብዘይኮነ ናይ ስራሕ ኩነታት ምኽንያት ይሞቱ እዮም።

ናይ ሰራሕተኛታት ረብሓ ዉሕስነት ሞት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፡

- ኣብ ክልል ኒውዮርክ ናይ ቐብሪ ወጻኢታት ክሳብ $10,000።
- ነበርቲ ብጸይቲካ ከምኡውን ንቖልዑ ካብቲ ናትካ ማእኸላይ ሰሙናዊ ዓስቢ ዓቐን ክሳብ 2/3 ይረኽቡ።

ኣብ wnycosh.org/family ናይ WNYCOSH ናይ ቤተሰብ ሃብቲ መምርሒ ብ14 ቋንቋታት ንዝበለጸ ሓበሬታ ርአ።

መተካእታ ደሞዝ (ዝጠፍአ ደሞዝ)

- ብዝበጸሓካ ጉድኣት ምኽንያት ካብ 7 መዓልቲታት ንላዕሊ ካብ ስራሕ እንተተሪፍካ፣ እቲ ናይ ሰራሕተኛታት ዉሕስና ናይቲ ዘይነበርካሉ ግዜ ውሱን ዓስቢ ክኽፍል ይኽእል እዩ።
- እንድሕር ፍጹም ምስራሕ ዘይትኽእል ተኾይንካ፣ ብማእኸላይ ገምጋም ሰሙናዊ ክፍሊት **ክሳብ** 2/3 ክትረክብ ትኽእል (ብመሰረት ካብ ኩሎም ስራሕቲ ክትጉድእ እንተለኻ ተሰርሖም ዝነበርካ)።
- እንድሕር ድኣ ብኸፊል ኣካል ጉድኣት ኮይንካ፣ ወይ ከኣ ብሓድ-ሓደ ምምሕያሻት ምስራሕ ትኽእል ኮይንካ፣ ክትሰርሕ ትኽእል ምኺንካ ወይ ከኣ ስራሕ ተደሊ ምህላውካ ክትርኢ ኣለካ። እዚ ናይ ዕዳጋ ሰራሕተኛ ጥብቀት ይበሃል።
- መጠን ኣካላዊ ጉድኣትካ እቲ ናትካ ዶክተር እዩ ዝፈልጦ።
- እቲ ናይ ኣሰራሒ ናይ ውሕስነት በዓል መዚ፣ ናጻ ሕክምናዊ መርማሪ (IME) ንኺርእዩ ክሓተካ ክኸውን ኢዩ። ነዚ ክትገብር እንተድኣ ሓቲቶምካ ነቲ ናይ IME ቈጸራ ክትርከቦ ኣለካ።

እቶም ቐጸርቲ እንተወሓደ ኣብ ግዝ መጉድእቲ ወይ ሕማም $1,000 ክሳብ ዘጥፈኡ ነቲ ናይ ይግበኣኒ ዉሕስነት ሰነድ ክመልሉ ኣይድለዩን እዮም። ዋላእካ እቲ መስረሒኻ ካብቲ ናይ ሰረሕተኛታት ውሕስና ስርዓት ወጻኢ ነቲ ናይ ሕኪምና ወጻኢታትካ እተሸፈኖ፣ ሕዚ እዉን እንተኾነ ምስቲ መጉድእትኻ ብሓንሳብ ዝተተሓሐዘ ኩነታት ዘይተሓሰበ ከጋጥም ንዝኽእል መጉድእቲ ንምግታእ እቲ ናይ C-3 ቅጥዒ ብምርካብ ናብቲ ናይ ሰራሕተኛታት ዉሕስና ቦርዲ ናይ ይግበኣኒ ሕቶ ምቕራብ ትኽእል ኢኻ። **እቲ ናይ ይግበኣኒ ሕቶኻ ኣብ ክልተ ዓመት ውሽጢ ክተቐርብ እንተዘይኪኢልካ እቲ ናይ ይግበኣኒ ናይ ምርካብ ዕድልካ ብብዙሕ ምኽንያት ሽፋን ትስእን ትኽእል ኢኻ።**

ናይ ስራሕ ዕዳጋ ጥብቀት

ናይ ስራሕ ዕዳጋ ጥብቀት ማለት ንስራሕ ወይ ከኣ ንስራሕ ብንቑሓት ምስልጣን ማለት እዩ።

- ንቑሕ ገለልተኛ ስራሕ ምድላይ
- ናይ NYS DOL ንብረት ብንቑሕ ኣገባብ ተጠቐም:
  - ✳ ናይ NYS DOL ዳግም- ቖጻር ኣገልግሎታት
  - ✳ ማእኸል ስራሕ
  - ✳ ካልእ ናይ ስራሕ ኣገልግሎት
- ኣብ ናይ ምሁራን ስራሕ ከምኡውን ቀጻሊ ትምህርታዊ ኣገልግሎታት-ሞያዊ ተሃዲሶታት (ACCESS-VR) ውሽጢ ንጡፍ ተሳትፎ ግበር
- ኣብ ስራሕ ምስልጣን ፕሮግራም ውሽጢ ብንጥፈት ተሳተፍ
- ዝተረጋገጸ ትምህርታዊ ምምስራት ምሉእ ጊዜ ምክትታል

ነዘን ሰነዳት ሓዘን ኢኻ:

- ምስቲ መስርሒ ሰብ ብሓንሳብ ብፍላይ ብዛዕባ እቲ ዝበጸሓካ መጉድእቲ ብቓል ሪፖርት ትገብር እንተሃሊኻ ምስቲ መስርሒኻ ብሓንሳብ ናይ ዝርርብ መዘኻኸሪ ኣቐምጥ ኢኻ
- ከምኡውን ካብ ንሕኪምናዊ ቖጸሮታት ዝተጉዓዝካሎም ናይ ጉዕዞ ቐቢሊታት ኣቐሚጦም ኢኻ
- ካብ ዝኾነ ወይ ኩሉ ዝኾነ ስራሕ ጉድኣት ኣብ ዝበጸሓካ ጊዜ ዝሰራሕኻዮ ተኸፊል
- ካብ ቦርድ ሰራሕተኛታት ዉሕስነት ዝኾነ ደብዳበ።

እቲ ሕቶ ይግበኣኒ ድሕሪ ምሕታተይ እንታይ የጋጥም?

እቲ ዝቐጸረካ እቲ ይግበኣኒ ሕቶኻ ክቕበሎ ይኽእል።
እቲ ዝቐጸረካ ነቲ ሕቶኻ ክነጽጎ ይኽእል።
እቲ ዝቐጸረካ ነቲ ሕቶኻ ብገንዘብ መዕለቢ ክገብረሉ ይኽእል።

እቲ ዝቐጸረካ ሕቶ ይግበኣኒኻ እንተተቐቢሉዎ:

- እቲ ዝቐጸረካ ውሕስነት ናይ ገዛእ ርእስኻ ናይ ሕኪምና ውጻኢታት ከምኡዉን ዝጠፈአ ዓስቢ ክኸፍለካ ይጅምር፣ ድሕሪ ናትካ ማእከላይ ሰሙናዊ ዓስቢኻ ምጽዳቑ።

እንድሕር እቲ ዝቐጸረካ ነቲ ይግብኣኒኻ ንከመዓራርይ ፍቓደኛ ኮይኑ (ክፍሊ 32 ሰነድ):

- ብገንዘብ ንኽፍታሕ ምግባር ንሓደ ግዘ እዩ፣ ድምር ክፍሊት ኣብ ከደዲ ዘሎ ናይ ሕክምናዊ ከምኡውን ደሞዝ ዓስቢ ረብሓ ኮይኑ ናይ ሓደ ጊዜ ድጎማ እዩ።
- ቅድሚ ገንዘብ ምቕባልካ፣ ብዛዕባ ነገር ጉዳይ መጻኢ ጥዕናኻ ዝምልከት ምስቲ ዶክተርካ ብሓንሳብ ምምይያጥ ኣለካ።
- ቅድሚ ገንዘብ ምቕባልካ፣ ምስ ጠበቓ ወይ ከኣ ፍቓድ ወኪሊነት እንተድኣ'ሎ ብሓንሳብ ተማኸር ኢኻ።

እንድሕር እቲ ዝቐጸረካ ናይ ገዛእ ርእስኻ ይግበኣኒ ሕቶ ነጺጉዎ ኸ፤

- ናይ ሰራሕተኛታት ዉሕስና ሕጊ ዳኛ ንዓኻ ክሰመዐካ ከምኡውን ንስኻ ብቑዕ ምኽንካ ክዉስን ከምኡዉን መጠን እቲ ዝወሃበካ እንድሕር ብቑዕ ኾይንኻ ክዉስን ይኽእል እዩ።
- ናብቲ ናይ ምስማዕ ክትሂሊ ከምኡውን ዝተሓተቱ ሰነዳት ኩሉ ምቕራብ ኣለካ።
- እቲ ይግበኣኒኻ እንተተነጺጉ፣ ነቲ ውሳነ ይግባይ ናይ ማለት መሰል ኣለካ እዩ።
- እቲ ዝቐጸረካ እዉን ነቲ ናይ ሓደ ዳኛ ውሳነ ይግባይ ማለት ይኽእል እዩ።

ምኽንያታት ኣብ ሕቶታት ይግበኣኒ ዘይምስምማዕ:

- እቲ ዝቐጸረካ እቲ ዘለካ መጉድእቲ ወይ ከኣ ሕማም ቅድሚ ንዕኡ ክትሰርሕ ምቑጻርካ ዘጋጠመ እዩ ክብል ክኸውን ይኽእል።
- እቲ ዝቐጸረካ ሰራሕተኛ ኣይኮንካን ክብለካ ይኽእል (ገለልተኛ ተኺናታሪ ኢኻ ክብለካ ይኽእል)።
- እቲ ዝቐጸረካ እቲ መጉድእቲ "ኣብ ስራሕ ቑጻር" ኣየጋጠመን ክብል ይኽእል፣ ንሱ ዉን እዚ ጉድኣት ወይ ከኣ ቃንዛ ካብ ስራሕ ወጻኢ ምኺኑ እዩ።

ናይ ቋንቋታት ተርጓሚ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ እዩ ከምኡዉን ትርጉም

- ነቲ ናይ ሰራሕተኛታት ዉሕስነት ቦርድ ኣብ ትጽወዐሉ ግዜ፣ ሓደ ወኪል ኣብ መስመር ምስ ኣተወ ተርጓሚ ምሕታት ትኽእል ኢኻ።
- ፍቓድ ዝተወሃቦ ሕክምናዊ ክኢላ ኣብ እትደልየሉ ግዜ፣ ብቋንቋኻ ተርጓሚ ዘሎዎም ዶክተራት www.wcb.ny.gov/health-care-provider-search/ ክትደልይ ትኽእል። እቲ መርበብ ሓበሬታብእንግሊዝኛ ጥራይ እዩ ዘሎ።
- እንድሕር እኹል ኣገልግሎታት ኣስተርጓሚ ዘይተረከብ ሃሊኻ፣ ወይ ከኣ እቲ ኣገልግሎታት እንተተኸልኪሉ ኮይኑ ናይ ጥርዓን ፋይል ምእታው ትኽእል ኢኻ http://www.wcb.ny.gov/content/main/forms/lac1.pdf

ሕጋዊ ውክልና ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ

ኣብዚ መስርሕ ውሽጢ ክሕግዘካ ዝኽእል ጠበቓ ወይ ከኣ ፍቓድ ዘለዎ ወኪል ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ። ነቲ ጠበቓ ወይ ከኣ ፍቓድ ዝተዋህበ ተወካሊ ብቐጥታ ምኽፋል ኣይግበኣካን እዩ። እንድሕር ናይ ሰራሕተኛታት ዉሕስነት ገንዘብ ተቐቢልካ ኮይንኻ፣ እቲ ናይቲ ጠበቓ ክፍሊት ካብቲ ዝተቐበልካዮ ገንዘብ እዩ ክኸዉን ዝኽእል።

ናብቲ ኣብ ቀረባ ዝርከብ ናይ ሰራሕተኛታት ዓቃቢ ሕጊ ንምርካብ ብ (800) 342-3661 ብምድዋል ወይ ከኣ ናብ ኣገልገሎት ማሕበር ሪፈራል ኒው ዮርክ www.findalawyernys.org ኺድ።

ነቲ ናይ ንሰራሕተኛታት ምሕታት ይግባይ ብምቕራብካ እቲ ዝቖጸረካ ከባርረካ ወይ ከኣ ሕነ ክፈድየካ ኣይኽእልን እዩ።

ኣብቲ ናይ ሰራሕተኛታት ዉሕስና ከይዲ ጸገም ሃሊዩካ WNYCOSH ብሓንሳብ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

ናይ WNYCOSH ሰራሕተኛ ማእከል ተሌፎን መስመር (716) 206-3550

WNYCOSH
ናይ ሰራሕተኛ ማእኸል

ሰራሕተኛታትና ንፍትሒ ክቃለሱ ድጋፍ ብምሃብና ንኾርዕ
(ናይ ቋንቋ ከምኡውን ትርጉም ገንዘባዊ ደገፍ ዝገበረ)፡

ኣዳላዊ: **Genevieve Rados**

2018 WNYCOSH Frank Dolce Activist Fellow

2495 Main Street Suite 438

Buffalo, NY 14214

(716) 833-5416

ናይ ሰራሕተኛ ማእከል ህጹጽ መስመር (716) 206-3550

wnycosh.org/comp